## ሓፈሻዊ መዘረቢ ነጥብታት ንመሻርኽቲ ኣብ መወዳእታ ናይ SNAP COVID-19 ህጹጽ ናይ መግቢ ሓገዝ (SNAP Emergency Allotments)

***ንመሻርኽቲ ዝኸውን መዘኻኸሪ፥*** *እዞም መዘረቢ ነጥብታት ከም መምርሒ ዝርርብ ዝቐረቡ ኮይኖም ግን ድማ ክዝርግሑ ዘይብሎም እዮም። እቲ ዝርርብ ንፍሉይ ድሌታትን ሕቶታትን ሓደ ውልቀሰብ ዝምጥን ክኸውን ኣለዎ። ንሓገዝ ዝኸውን ጸጋታት ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ኣሎ።*

- ካብ ሚያዝያ 2020 ጀሚሩ፡ መብዛሕትኦም ኣብ Oregon (ኦሪገን) SNAP ዝረኽቡ ሰባት፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ኣብ EBT (Oregon Trail) ካርዶም ተወሳኺ ናይ ህጹጽ መግቢ ሓገዝ ተቐቢሎም እዮም። እዚ ጥቕሚ ብፌደራል መንግስቲ ዝተፈጠረ ህፁፅ ኩነታት ጥዕና ህዝቢ ኮቪድ-19 ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ።
  - ህጹጽ ሓገዝ መግቢ ኣብ ከባቢ መበል 11 ወይ መበል 12 መዓልቲ ናይቲ ወርሒ ኣብ EBT ካርድታት ዝውሰኽ ተወሳኺ መጠን ገንዘብ እዩ።
- **ወርሒ ለካቲት ህጹጽ ሓገዝ መግቢ ዝፍቀደላ ናይ መወዳእታ ወርሒ ክትከውን እያ። SNAP ዝቕበሉ ሰባት ኣብ መጋቢት 2023 ከምኡ ውን ድሕሪ መጋቢት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ናይ SNAP ሓገዛቶም ምቅባል ክቕጽሉ እዮም።**
  - እቲ ናይ SNAP ረብሓ ሰባት ኣብ ካርዶም ኣብ መንጎ መበል 1 ይ መዓልትን 9 ይ መዓልትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ዝረኽብዎ መጠን ገንዘብ እዩ።
- ንኽልተ ዓመት ዝኣክል፡ ODHS ንኣማኢት ኣሽሓት SNAP ንዝረኽባ ስድራቤታት ህጹጽ ሓገዝ መግቢ ክህብ ጸኒሑ እዩ።
  - እዚ ጥቕምታት’ዚ፡ ሰባት ንነብሶምን ንስድራቤቶምን እኹል ጥዕና ዘለዎ መግቢ ናይ ምርካብ ዓቕሞም ብዓቢኡ ኣዕብይዎም’ዩ።
  - እዞም ናይ ህጹጽ መግቢ ጥቕምታት እንተዘይሃልዮም፡ ገሊኦም ኣብ Oregon ዘልው ጸገም ከጋጥሞምን መሰረታዊ ድሌታቶም ንምምላእ ክጽዕሩን ይኾኑ።
- ሰባት ብዘይ ናይ ህጹጽ መግቢ ጥቕሚ SNAP ናይ መግቢ ረብሓኦም ክንደይ ምዃኑ ንምርኣይ ናይ ONE ሕሳቦም ወይ EBT Edge ሕሳቦም ክምርምሩ ይኽእሉ፥
  - ኣብ ናይ ONE ሕሳቦም ባዶ ገጽ – እቲ ስሩዕ መጠን SNAP ኣብ ትሕቲ “ወርሓዊ መጠን ጥቕሚ( Monthly Benefit Amount)” ክዝርዘር እዩ።
  - ኣብቲ ናይ EBT Edge ናይ ሕሳቦም ንጥፈታት – እቲ ስሩዕ ናይ SNAP መጠን ገንዘብ ኣብ መንጎ 1ይ ን 9ይ ን ናይ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ኣብ ካርድኻ ዝውሰኽ መጠን ገንዘብ ክኸውን እዩ።
- ዝተጎድኡ ውልቀሰባትን ስድራቤታትን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ምስ ናይ ግዝኣትን ከባብያዊ መሻርኽትን ክራኸቡ ኣለዎም እዚ ኸኣ ምእንቲ እቲ ናይ መወዳእታ ወርሒ ህጹጽ ናይ መግቢ

ሓገዛቶም ድሕሪ ምቕባሎም ድሌቶም መግቦም ንምምላእ ውጥን ክገብሩ ንክኽእሉ ተባሂሉ ኢዩ። እቶም ጸጋታት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፥

- ○ 211 ሓበሬታ፥ ናብዚ ደውል 2-1-1 ወይ ናብዚ ተወከስ www.211info.org/
- ○ ምትእስሳር ጸጋታት እርጋንን ስንክልናን ኦሪገን (ADRC)፥ ናብዚ ደውል 1-855-673-2372 ወይ ናብዚ ተወከስ www.adrcoforegon.org/
- ○ ባንኪ መግቢ ኦሪገን www.oregonfoodfinder.org/
- ○ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ባንኪ መግቢ ወይ ፓንትሪ
- ○ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ናይ ማሕበረሰብ ስጉምቲ ትካላት፡ www.caporegon.org/
- ○ እኹል መግቢ ንምርካብ ንዝሸገሩ ሰባት ብተለምዶ እትመኽሮም ዝኾነ ካልእ ናይ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ጸጋታት።

- ስድራቤታት ንኻልእ ወጻኢታቶም ንምኽፋል ካብዞም ናይ ግዝኣትን ፌደራልን መደባት እውን ተጠቀምቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፥
  - ○ **ትሑት እቶት ዘለዎም መደብ ሓገዝ ጸዓት ገዛ** (LIHEAP) ንውልቀሰባትን ስድራቤታትን ብዋጋታት ጸዓት ዝሕግዝ ተበግሶታት ኣቢሉ ንሰባት ውሑስን ጥዕናን ንኽህልዎም ይሕግዝ። ንሓገዝ ጸዓት ብኸመይ ከም እተመልክት ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ EnergyHelp.us ተወከስ ወይ ድማ ናብዚ ደውል 1-866-674-6327።
  - ○ **ተወሳኺ ናይ ጥቕማጥቕሚ ሕሳብ ሓገዝ** ብኦሪገን ኣባይትን ማሕበረሰባዊ ኣገልግሎታትን (OHCS) ብመንገዲ ናይቲ ከባቢ ትካላት ይወሃብ። ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ትካል ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም ከተመልክት ትኽእል ኢኻ፡ https://www.oregon.gov/ohcs/energy-weatherization/Pages/utility-bill-payment-assistance.aspx።
  - ○ **መደብ ምትእስሳር ብተመጣጣኒ ዋጋ** ንብቑዓት ስድራቤታት እንተወሓደ $30 ወርሓዊ ቅናስ ኣገልግሎት ኢንተርነት ይህብ። ካብ ODHS ጥቕምታት ትረክብ እንተኾይንካ፡ ብኡንብኡ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ብቑዕነትካ ንምፍላጥ ወይ ሓደጋ ዘይብሉ ነጻ መመልከቲ ንምቕራብ፡ ናብዚ ተወከስ GetInternet.gov ወይ ናብዚ ደውል 1-877-384-2575።
  - ○ **ሓገዝ ክራይን መንበሪ ገዛን** ብመንገዲ OHCS ይወሃብ። ኣብዚ ናይ OHCS መርበብ ሓበሬታ ተወከስ https://www.oregon.gov/ohcs/housing-assistance/Pages/housing-assistance.aspx።